## ንናይ ባዕሎም ስርዓታት ኣጠቃቅማ ረብሓ፣ ናይ ኮምፑዩተር ስነ-ፍልጠት ንተምሃሮ ከተማ ሻፋውዘን

ኩሎም ተምሃሮ መባእታ ካብ 4-6 ክፍሊ ከምኡውን ካብ 1-3 ክፍሊ ዝርከቡ ናይ ማእከላይ ደረጃ ተምሃሮ ንውልቆም ዝጥቀሙሉ ናይ ለቃሕ መሳርሒ (ታብለት) ክወሃቦም እዩ። እቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒን ምስኡ ዝመጽእ ንብረትን፣ ኣብ ምልኡእ ናይ ትምህርቲ ግዜ፣ ዋኒን ናይ ከተማ ሻፋውዘን እዩ ከምኡውን ሓደ ተምሃራይ ካብ ትምህርቲ ክወጽእ እንከሎ፣ ነቲ መሳርሒ ግድን ከየበላሸወ ከረክቦ ኣለዎ።

እቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ብጥንቃቀን ጽፈትን ከም ትሕዝዎ ኢና ነኣምን። እተን ኣገደስቲ ነጥብታት ብዛዕባ ኣጠቃቅማ ዝምልከትውን ኣብቲ ናይ ስርዓታት ኣጠታቅማ ተገሊጹ ኣሎ።

**መሰላትን ግቡእን ናይ ተማሃሮ: ...**

- ተምሃሮ፣ ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ከም ናይ ትምህርቲ ምሳርሒ ብምምርሒ ናይ መምህሮም ይጥቀሙሉ።
- ተምሃሮ፣ ነቲ ተዋሂቡ ዘሎ መምርሒ ሕጊ (ብፍላይ ድማ ናይ ገበን ሕጊ፣ ናይ ብሕትኻ ጒዳይ፣ ሰነድ ፣ከምኡውን መሰል ዋንነት) ክሕልዉ ግደታ ኣለዎም።
- ተምሃሮ ብፍቃድ ናይ ወለዶም ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ውልቃዊ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ። .
- ተምሃሮ ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒን ንብረቱን ብጥንቃቀን ብጽፈትን ክሕዝዎ ይግባእ፣ ዝኾነ ነገር ንኸይ ጠፍእውን ክጥንቀቁ ይግደዱ።
- ተምሃሮ ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ እንተደኣ ንገዛ ወሲዶሞ፣ ባተሪ መሊኦም ከምጽእዎ ኣለዎም፣ እንተዘይ ኮይኑ ኣብ ቤት|ትምህርቲ ክገድፍዎ ይኽእሉ።
- ተምሃሮ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ትምህርቲ ግዜ እቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ንኣገልግሎት ድልው ከም ዝኸውን ይገብሩ።
- ተምሃሮ በተን ብቤት\ትምህርቲ ዝተጻዕኑን ንኣገልግሎት ድሉው ዝኾኑ ሶፍቲወር ክሰርሑ ከም ዘለዎም ይግደዱ። ካልኦት ሶፍቲወራት ምጽዓን ኣይፍቀድን እዩ።
- ተምሃሮ ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ኣብ ካንሸሎ ናይ ቤት\ትምህርቲ ናይ ትምህርቲ ዕዮ ምስዝህልዎም ጥራይ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ፣ ብዝተረፈ ናይ ቤት\ትምህርቲ መምርሒ ክኽተሉ ኣለዎም።
- ተምሃሮ ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ተወሳኺ መፈለጥታ ተባሂሉ ዝግበር ናይ ጽሑፋት ኮነ ቀለም ምልካይ ኣይፍቀድን እዩ። ነቲ ኣብቲ መሳርሒ ተጠቂዑ ዘሎ ወረቀት`ውን ምእላይ ኣይፍቀድን እዩ። እቲ ኣብ መሳርሒ ተጠቂዑ ዝመጽእ ጽሑፍ እንተ ጠፊኡ፣ ነቲ ናይ ክላስ መምህር ከመልክቱ ኣለዎም።
- ተምሃሮ ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ይኹን ናቱ ፓኣስዎርድ (መፍትሕ) ንካልኦት ምሃብ ኣይፍቀድን እዩ።
- ተምሃሮ ኣብቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ፣ ዝኾነ ስእሊ ወይ ጽሑፍ ብዛዕባ ናይ ዓለትነት፣ ዓመጽ ዝገልጽ ከምኡውን ናይ ፖነግራፊ (ጸይቂ) ስእልታት ወይ ጽሑፋት፣ ክድህስስን፣ ክጽዕንን ወይ ናብ ካልኦት ከመሓላልፉ ኣይፍቀዶምን እዩ።
- ተምሃሮ ስእሊ፣ ድምጺ፣ ፊልሚ ናይ ካልኦት ሰባት ምውሳድ ኮነ ናብ ካልኦት ምዝርጋሕ፣ ብድልየት ናይቶም ሰባት ጥራይ ኢዩ ዝፍቀድ።
- ተምሃሮ፣ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ብፍቅድ ናይ መምህሮም ጥራይ፣ በቲ መሳርሒ ድምጺ ክቀድሑ ይፍቀዶም።
- ተምሃሮ እቲ እንኮ ኣብ ማሕበራዊ ማስመድያ ክሳተፉ ዝኽእሉሉ፣ ብንጹር መምህሮም ምስ ዘፍቅደሎም እዩ።
- ተምሃሮ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ ንመምሃሮኖም ኮነ ንወለዶም፣ ኣብቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ እንታይ ዓይነት ሰነዳት ተጻዒኖም ከም ዘለው ንኽርእዩን ክምርምሩን የፍቅዱሎም።
- ተምሃሮ ነቲ ኣብ ገዛ ብወለዶም ዝወሃቦም ስርዓታት ኣጠቃቅማ ከኽብርዎ ኣለዎም።
- ተምሃሮ ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ኣብ ንዕኡ ዝግባእ ቦርሳ ገሮም ክወስድዎ ኣለዎም (ንኣብነት ናይ ትምህርቲ ቦርሳ ተሓንጋጣይ ቦርሳ)፣ እቲ መሳርሒ ኣብ ጽቡቅ ክትሓዘሉ ዝኽል ኣቅሓ ምውሳድ።
- ተማሃሮ ነቲ መሳሪሒ ኣብ መንገዲ ኣብ ኢዶም ክሕዝዎ የብሎምን። ፍሉይ ኣጋጣሚታት ብመምሃራንኩም ክግለጸልኩም እዩ።
- ተምሃሮ እቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ምስ ዝስበሮም ወይ ዝስረቕ፣ ብቕልጡፍ ንናይ ክፍሊ መምህሮም ክነግሩ ኣለዎም።
- እቶም ኣብ መሳርሒ ጥራይ ተታሒዞም ዝጸንሑ ሰነዳት፣ ኣብ ግዜ ምዕራይ ወይ ምቅያር ወይውን ነቲ መሳርሒ ከተረክብዎ ከሎኹም ስለ ዝድምሰሱ። ተምሃሮ ብተኽታታሊ ሰነዳቶም ኣብ ውሑስ ቦታ ከቀምጡ ኣለዎም።

**ተራ ናይ ከተማን ቤት\ትምህርትን: ከተማ ሻፋውዘን...**

- ከተማ ሻፋውዘን መዋሊ ናይቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ እዩ፣ ከምኡውን ዋና ናይ ኩሎም መሳርሒታት ምስ ሶፍቲወርን ሰነዳትን እዩ።
- ከተማ ሻፋውዘን ነቲ ናይ ቤት\ትምህርቲ መሳርሒታት ድገፍ ይህብ፣ ከምኡውን ውሕስነትን ምምዕርራይን ይገብር። ንውልቃዊ ተወሳኺ ንብረት ግን፣ ሓገዝ ኣይገብርን እዩ።
- ከተማ ሻፋውዘን ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒታት ካብ ናይ ቤት\ትምህርቲ መርበብ ወጻኢ መከላኸሊ Content Filter[1] ዝበሃልን ኣንቲቫይረስን ክግበረሉ ከም ዘለዎ ይከታተል።
- ከተማ ሻፋውዘን ዝኾነ ዕንወት፣ ብገጋ ኣጠቃቅማ፣ ብሸለልትነት፣ ብዘይ ምኽባር ስርዓታ ኣጠቃቅማ ምስ ዘጋጥም፣ ተሓታቲ ኣይኮነን።
- ከተማ ሻፋውዘን ዝተፈላለየ መምሃሪታት ንኽህሉ ይሰርሕ (ከም digitale Lehrmittel, Microsoft Office365, Lernplattformen)፣ ከምኡውን ነቲ ዝተዳለወ መምሃሪ ናይ ዕቃበ ምሰል ክሕሎ ከምዘለዎ ይሰርሕ።
- ከተማ ሻፋውዘን ተምሃሮ በቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ዝተወሰነ ነገራት ጥራይ ከም ዝጥቀሙሉ ይገብር።
- ከተማ ሻፋውዘን ዝኾነ ዓይነት ብልሽት ከም ዘሎ ምስ ዝጥርጥር፣ ናይ ውልቃዊ ነገራት ዘተኮረ ዝርዝር መርመራ ክገብር መሰል ኣለዎ። ከምዚ ዓይነት መርመራ ድማ ብናይ ቤት\ትምህርቲ ሓለፍቲ ወይ ነቲ መርመራ ንክገብሩ ዝተሸሙ ሰብ መዚ ጥራይ እዩ ዝካየድ።

[1] እዚ ኮንታክት ፊልተር ዝብሃል፣ ኣብ ኢንተርነት፣ መርበብ ሓበሬት፣ ወይ ኢ-መይል ከም መንፊት ኮይኑ ከገልግለና ይኽእል፣ ዝኾነ ዘየድሊ ወይ ጽቁፍ ፕሮግራማት ንኽይከፍትዎን ከይረኽብዎን ነቲ ትሕዝቶ የምርምረልና።

**ተራ ናይ መምሃራን: መምሃራን...**

- መምሃራን፣ ተምሃሮ ምስቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ(ታብለት) ኣብ ትምህርቲ ብኸመይ ክጎዓዙ ከም ዘለዎም መምርሒ የውጽኡ። ከምኡውን እቶም ተምሃሮ ምስ ተክኖሎጂን ናይ ለቃሕ መሳርሕን ብኸመይ ክጎዓዙ ከም ዘለዎም ይምህሩ።
- መምሃራን፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ፣ እቶም ተምሃሮ በቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ እንታይ ከም ዝረኣዩን፣ ከምተጠቅሙን ንኽፈልጡ ክምርምሩ መሰል ኣለዎም።

**ተራ ናይ ወለዲ\ ኣብ ምዕባይ ቆልዓ ሓላፍነት ዘለዎም: ...**

- ወለዲ\ኣብ ምዕባይ ቆልዓ ሓላፍነት ዘለዎም፣ ውላዶም ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ፣ ኣብ ገዛ ክጥቀመሉ ይግብኦዶ ወይስ ብኸመይ መንገዲ ክጥቀመሉ ይኽእል ንዝብል፣ ወሰንቲ ኣካል እዮም። ምኽሪ ወይ ሜላ ብዛዕባ እዚ ኣብዚ www.projuventute.ch (Medien & Internet) ወይ www.jugendundmedien.ch ኣቲኹም ክትረኽቡ ትኽሉ።
- ወለዲ\ኣብ ምዕባይ ቆልዓ ሓላፍነት ዘለዎም፣ ብዛዕባ ኣጠቃቅማ ናይ ግዜን ዝጥቀሙሎም ነገራትን ብዘርብሕ ኣገባብ መምርሒ የውጽኡ።
- ወለዲ\ኣብ ምዕባይ ቆልዓ ሓላፍነት ዘለዎም፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ፣ ውላዶም እንታይ ከምዝርእን ዝጥቀምን ክከታተልዎም መሰል ኣለዎም፣ ከምኡውን ዘየድልዩ ነገራት ክድምስሱሎም መሰል ኣለዎም።
- ወለዲ \ ናይ ምዕባይ ቆልዓ ሓላፍነት ዘለዎም፣ ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ቆልዑ ኣብ ገዛ ኣብ ዕላማ ዘለዎ ስራሕ ከውዕልዎ ሃላፍነቶም እዩ።
- ቆልዑ ኣብ ውልቃዊ ሂወቶም በቲ ናይ ለቃሕ መሳርሕን ብእኡ ክመጹ ዝኽእሉ ሳዕቤናትን፣ ወለዲ ሓላፍነት ይወስዱሉ።
- ኣብቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ፣ ዕንወት ወይ ክሳራ ምስ ዘጋጥም፣ ወለዲ ነቶም ናይ ክላስ መምሃራን ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ሓበሬታ ክህቡ ኣለዎም፣ ምስኡውን ዓይነትን ጠንቅን ናይቲ ክሳራ ወይ ዕንወት ክገልጹ ኣለዎም። እንተ ተሰሪቁ ድማ፣ ንፖሊስ ከም ዘመልከቱ ዝገልጽ ጽሑፍ ከተረክቡ ኣለዎም።

**ተሓታትነት**

- ኣብቲ ናይ ኢንፎርማቲክ (IT Infrastruktur) መሳርሒ፣ ብፍላጥ ዝተገብረ ዕንወት፣ ወለዲ \ ናይ ምዕባይ ቆልዓ ሓላፍነት ዘለዎም ተሓተቲ ይኾኑ።
- ብመሰረቱ ናይ ብሕቲ ተወሳኺ ንብረት፣ ኣብቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ምውሳኽ ይፍቀድ እዩ። እቲ ዝውሰኽ ንብረት ፣ በቲ ኣፍራይ ፋብሪካ ናይቲ ለቃሕ መሳርሒ ከም ዝወሃሃድ ፍቑድ ክኸውን ኣለዎ። ክሳራ ኣብቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ብምኽንያት ተወሳኺ ንብረት ምስዘጋጥም፣ እቲ ተወሳኺ ንብረት ድማ ምስኡ ካብ ቤት\ትምህርቲ ዘይተዋህበኩም ምስዝኸውን፣ ነቲ ዘጋጠመ ክሳራ ወለዲ\ናይ ምዕባይ ቆልዓ ሓላፍነት ዘለዎም ተሓተቲ ይኾኑ።
- ከተማ ሻፋውዘን ዝኾነ ክሳራ ብምትእስሳር ናይ ለቃሕ መሳርሒ ምስ ዘጋጥም፣ ተሓታቲ ኣይኮነን። ወላውን ነቲ ብቤት\ትምህርቲ ተዳልዩልኩም ዘሎ ሶፍቲወር (ንኣብነት Microsoft Office365) ኣብ ናይ ብሕቲ ንብረትኩም ምስትጽዕንዎ፣ በዚ መሰረትውን ክሳራ ምስዘጋጥመኩም፣ ከተማ ሻፋውዘን ተሓታቲ ኣይኮንን።
- ነቲ ናይ ለቃሕ መሳርሒ ምስ (ምስኡ ዘተወሃብኩምዎ ንብረት)፣ ከምቲ ተቀመልኩምዎ፣ ከተረክብዎ ኣለኩም, እዚ ድማ ብጀካ እቲ ነብረት ከምተጠቀምኩምሉ ዝገልጽ ምልክታት ኣብ ግምት ብምእታው ይኸውን። ገለ ነብረት ምስ ዝጎድል ወይ ምስዝዓኑ፣ ግድን ወለዲ\ናይ ምዕባይ ቆልዓ ሓላፍነት ዘለዎም ተሓተቲ ይኾኑ።

---

ምስዚ ስርዓታት ኣጠቃቕማ ከም እንሰማማዕ፣ ብፈርማና ነረጋግጽ።

| | |
|---|---|
| ........................................................ | ........................................................ |
| ስም ከምኡውን ስም ኣቦ | ቦታ፣ ዕለት ከምኡውን ፈርማ ናይ ተምሃራይ |
| ........................................................ | ........................................................ |
| ስም ከምኡ`ውን ስም ኣቦ ናይ ወላዲ\ ናይ ቆልዓ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎም | ቦታ፣ ዕለት ከምኡውን ፈርማ ናይ ወላዲ\ ናይ ቆልዓ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎም |